# 6ይቲ ሰንበት ዘገብር-ኄር
## ምስላ መክሊት (ማቴ 25፡ 1 - 36)

### 1. ኣምላኽ በበይኑ መክሊታት ይህበና።(14-15)

ብዙኂ መክሊትን ክእለትን ብሉጽ ህያባት ዘይኮነ እቲ ኣውራ ዘገድስ ከመይ ገርና ንጥቀመሎም ምህላውና ኢዩ። ኣምላኽ ርቱዕን ዂሉ ዝፈልጥን፣ ናይ ዂሉ ሠናይ ነገራት ወሀብን ብምኳኑ፣ ብዝሃበና ሠናይ ህያባቱ ሠናይ ፍረ ከነፍሪ ኢዩ ዝጽበየና። ኣምላኽ ህያባቱ ብዕጽፍን ድርብን ፈርዩ ክርኢ ስለዝደሊ ናይ ዝሃበና ፀጋታት ምሉእን ደቂቅን ቅኑዕን ጸንጻብ ክሓተና ኢዩ። ህያባትናʼኳ እንተ ተፈላለየ ጻዕርና ክፈላለ የብሉን። እቲ ዝተዋህበና ህያብ ኣብ ቁምነገሩ ውዒሉ ክርከብ ብትግሃት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ፍሬ ጽድቂ እናፍረና ምእንቲ ክብሪ እግዚኣብሔር ከነውዕሎ ይግብኣና። ንኣብነት ኣእምሮ እንተዓደለና ንእምላኽ ክንፈልጠሉን ንእምላኽን ንመንግሥቲ ኣምላኽን ብቀዳምነት ሠሪዕና ክነብርን ጽኑዕ ድላይ ንእምላኽ ክንፈቱ፣ ጽኑዕ ብርኪ ንእምላኽ ከነገልግል ሀብቲ እንተጸገወ ድኻ ክንዕንግለሉ ወዘተ... ኢዩ ዝወሃበና።

### 2. እሙን ኣገለጋሊ (16-23)

ኣብ ውሑድ እሙን ዝኾነ ኣብ ብዙሓ ከምዝሸየም ብምግላጽ ጐ.ኢ.ክ. ዓስብን ሽልማትን ናይ ጽቡቅ ሥራሕ ኣብ ኣገልግሎት ኣምላኽ ብዝበለጸን ብዝገፍሐን ኣገባብ ምውፋር ምʼኳኑ የስተምህረና። እሙን ኢኻʼሞ ከፍ ኢልካ ብላዕ ስተ ዝብለካ የለን። እሙን ኢኻʼሞ ኣግፈሕካን ኣጸቢቅካን ሥራሕ ደኣ ይብለካ ኣብ ዝነኣሰ ኣገልግሎት እሙን ኮይኑ ዝተረኽበ ኣብ ዝዓበየ ኀላፍነት ኣገልግሎት እዝረን ኣሕዋትን ይጽዋዕ።

### 3. ዘይእሙን ኣገልጋሊ (24-28)

እቲ ዝተቀጽዐን ዘይእሙን ኣገልጋሊ ተባሂሉ ንግዳም ዝወጸን ነቲ ዝተዋህቦ ብምጥፋእ ዘይኮነ ነቲ ዝተዋህቦ ኣካዕቢቱ ብዘይምፍራይ ኢዩ። ብዝተዋህበካ ህያብ ቁምነገር ዘይምግባር ዘኽስስን ዘቅጽዕን ጥራሕ ዘይኮነ ነቲ ህያብ ዘሕድግን ናብ ጸልማት ዘእስርን ገበንʼውን ኢዩ።

ህያበይ ውሑድ ኢዩ ዓቅመይ ድሩት ኢዩ ኢልካ በቲ ዘሎካ ዝተዋህበካ ፀጋታት ንእምላኽ ክብሪ ንርእስኻ ጽድቂ ንሐውኻ ግቡእ ኣገልግሎት ምጉዳል ንወሃብን ንህያብን ምምካን ምክሳር ማለት ኢዩ። መክሊትና ምቅባር ንሐቅታት ወንጌል ምቅባር ኣእምሮኻን ልብኻን ምዕጻው የመልክት።

## 4. ንዘለዎ ዘበለ ኾሉ ይህብዎ ይውስኽዎ’ውን ንዘይብሉ ግና ነቲ ዘለዎ እኳ የግድፍዎ (28-29)

እዚ ማለት ሓደ ሰብ በቲ ዝተዋህቦ ህያብ ኣምላኽ ተጊሁ እንተዓየየ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘለዎ እናወሰኸን እናማዕበለን እናሃብተመን እናማዕበለን ብመንፈስ ኮነ ብሥጋ እናተመሓየሸ ይኸይድ። ሓደ ከዓ ብዝተዋህቦ ፀጋታት ገሩ ገለ ቁምነገር ዘይገብር ነቲ ህያቡ ከንቱ ይገብሮ ማለት ኢዩ። ኣብ ጠቅሚ ዘይወዓለ ክእለትን ንብረትን ጥፉእን ከንቱን ስለዝኾነ እቲ ዝነበረካ’ውን ይጠፍእ ይልከም ማለት ኢዩ። ዝኾነ ኣምላኽ ዝህበና ህያብ ዕላማኡ ጽቡቅን ብዙሕን ፍሬ ንኽነፍርየሉ ኢዩ።

ክርስትያናዊ ጸዋዕታና ተቀቢሩ ክተርፍ ዘይብሉ ብኣምላኽን ብሐውናን ንሕተተሉ ኣምላኽ ንጠቅሚ ኵልና ኢሉ ንሐደና ዝሃቦ ብኡ ገይሩ ክምስገንን ክግልገልን ክኽብርን ዘለዎ ናይ ፍቅሩን ናይ ልግስነቱን ፍሬ ኢዩ።

ስለዚ ዝቀበርናዮ ህያብ ኣምላኽና እንተሎ ኵዒትና ማለት ሓሲብና ኣስተንቲና ንርከቦ ነውጽኦዮ እሞ ከም ዕላማ ተፈጥሮና ንኣምላኽ ንምፍላጥ ንምፍታው ንምግልጋል ንጠቀመሉ። ከምዚ ክንገብርን በዚ መምርሒ’ዚ ክንካየድን ከሎና ኣምላኽና ካብዚ ጊዚያዊ ናብ ዘለዓለማዊ ናብራና እንተጸወዓና *“እሙን ኣገልጋሊየይ/ተይ ኣብ ውሑድ እሙን/እምንቲ ኮንካ/ኪ ተረኺብካ/ኪ ኢኻ/ኪ እሞ ኣብ ብዙኅ እሾመካ/ኪ ኣሎኹ”* ንእትብል ዓቢይ ብሥራት ከስምዓና ኢዩ።